# ወያነ ዘይትሓንኽ! ኣብ ስልጣን ኸላ፥

## ሓርማዝ ኣብ ዝጥዕም ግዜ ከም ዝሕምትላ ኣይትፈልጥን እያ።




*ወያነ ዘይትሓፍር ጭፍራ፥*
*ቃላት ተሳኢኑዎ እኪይ መጋብራ፥*
*ኩሉ ክትግብት ዓምጢራ ዓማጢራ፥*
*መ-ዓ-ዲ ሲኢና ኮይኑዋ ሰኺራ።*

*ምልኻዕ ስርሓ ኩፉእ ኣመል፥*
*መርዛም ተግባራ ከም ኣጻምእ  ገበል፥*
*ህዝባ እናሸጠት ሓገዝ ትቕበል፥*
*ሕደጊ በሉዋ በደል'ዩ በደል።*

*ጃንዳ ዓቕማ ዘይትመዝን፥*
*ትሓልም  ክትዓቢ ክትፍርዝን፥*
***ዕንቁርዖብ*** *ከላስ ምስ* ***ሓርማዝ*** *ተመዛዚን፥*
*እምበርዶ ኣለዋ ኣእሙሮ ዝመዝን?*

*ከሳብ መዓስ'ያ ክትነብር ተሓንጊራ፥*
*ኣብክንዲ ትነብር ሰሪሓ ማእሪራ፥*
*ጡዑም መሲሉዋ ልማኖ እንጀራ፥*
*እናህለት ዓመታት ኣቕጺራ።*

-----o-----

## ወያነ ናይ ሕጂ ;

## ሓርማ እንታይ ዓጢጥዎ ክሕንግራ ይሕምትላ እምበረ ፡



ጃንዳ ደንቆሮ ድፍንቲ ኣእሙሮ፡
ምኽሮ እንተዘይሰምዔ መከራ ይሞኽሮ፡
ተመሲሉ እንድዩ ቀደም ድሮ፡
ሕጂ’ሞ ናብራ ከመይ ኣሎ፡፡

ወዮ ትማሊ ዝነበረ ሓንጋሪ፡
ሎሚ ምስ ሓምተለኪ ብገዚፍ እግሪ፡
ቀደም ኔሩኪ ካብ ሙባረኽ ክትማሃሪ፡
ቅድሚ ምጽልማቱ ቀትሪ፡፡

ደቂ ሓራስ ነብሪ ኣናብስ ናቕፋ፡
ሚዒዶማ ኔሮም ከላ ምስ ትንፋሳ፡
ኣይሰምዔትን ጥልመት ስለ ዝኾነ ወልፋ፡
ኩፉእ ሞት ሞይታ ሓሊፉ ትንፋሳ።

ጽጋብ ክነድሕ ከሎ ይብእስ ካብ ኣድጊ፡
የውጽኣካ ካብቲ ቅኑዕ መንገዲ፡
ባዕልኻ ትፈርዳ ነብስኻ ብዘይ ፈራዲ፡
ጁንታ ንሱያ መሪጻ ቀይራ ዓዲ።

ልምዓት ንደለይቲ ሰላም፡
ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታት፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር፡

-----O-----